ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

## ሳልሳይ ሱሩዕ ኣኼባ

## ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ብወግዒ ተጀሚሩ።

ሳልሳይ ሱሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ትማሊ ብዕለት 15 ሕዳር 2018 ብወግዒ ተጀሚሩ ። ኣቦ መንበር ሰክሪታሪያ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓው ዓብዱዓዚዝ ኣንዋር ብስም ሰክሪታሪያ ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ንኩሎም ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ጽሕፈት እንቛዕ ደሓን መጻኹም ድሕሪ ምባል ሰልፊ ንህሉው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ናብ ማዕርነትን ሰላምን ፍትሓውን ሃገር ንምምምጻእ ኣብ ነካይዶ ዘሎና ቃልሲ ንቀጻልን ሓያልን ኣተሃላልዋ ሰልፍናን ከምኡ ደምበ ተቃውሞ ብሓፈሻ ኣብነታዊ ስርሓት ኣብ ምኽያድ ይርከብ ምህላዉ ብምርግጋጽ: እዚ ከኣ ኩሉ ግዜ ካብ ውሽጢ ሓደ ሰልፊ ክረአ ዘለዎ ተሪር ሓድነት፡ ምርድዳእ ኣብ መንጎ መሪሕነት ኣባላትን ዝካየድ እንካን ሃባን ካብ ዝነቕል ሓሳባት ተደማሚሩ ንግዳማዊ ዝድምናታት ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ንቀረባን ርሑቕን መደባት ንምዕዋት ዘኽእል እዩ ድማ ኢሉ ። እዚ ሳልሳይ ሱሩዕ ኣኬባ ሰልፊ ፉሉይ እዩ ካብ ዝሓለፉ ሱሩዓት ኣኼባታት ፉሉይ ዝገብሮ ድማ እቲ ዘልዕሎም ኣርእስትን ተኣፈፍትን ኣብዚ ዘለናሉ ዘይቅርዑይ ኣተሃላልዋ ናይ ደለይቲ ፍትሒ እዋን ናይ ሃገርና ናይ ህላውነት ሕቶ ዝምልከቱ እዋናዊ ዛዕባታት ኣልዒሉ ብዓሚቕ ዝዝትየሎም ሙኳኑን ፡ ሕዝብን ሃገርን ንምድሓን ይካየድ ምህላዉ ብቐንዱ ድማ ምስቲ ግበታዊ ጉጅለ እቲ ኣብ ሃገርና ዝርከብ ገባቲ ስርዓት ብናይ ሰላም ሽፋን ዘካይዶ ዘሎ ሕቡኡት ውዕላት ምስ ጎረባብትን ባዕዳውያን ብምምልካት ሃገርና ንምድሓንን ውሽጣዊ ሓድነትና ንምሕያል ቃልሲ ደልዲልና ምስ ኩሉ ዲሞክራሲያውያን ሓይልታት ኤርትራ ፍታሕ ንምርካብ ኣብ ነካይዶ ቃልሲ ንህዝብናን ሃገርና ካብ ዘርብሕዎ ኣውራ ነጥብታት ክንዛረበሎም ዘሎና ጉዳያት ምኳኖም’ዩ እቲ ፉሉይነቱ ድማ ኢሉ ።

ብተወሳኺ ሳልሳይ ሱሩዕ ኣኬባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ጸብጻባት ኣብየተጽሕፈት ፈጻሚት ድሕሪ ምስማዕ ዓሚቕ ናይ ሕሉፍ መጻእን ገምጋማት ብምግባር ንመጻኢ መደባቱ ከኺድዎ ዝእኽሉ መደባት ቃልስን ሓደስቲ ውሳኔታት ብምሓዝ ኣብ ዝቕጽል ሰሙን ንዝካየድ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ክቐርቦ ሙኳኑ ብምርግጋጽ ፡ እዚ ራባዓይ ሱሩዕ ኣኬባ ፈጻሚ ቤት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንሓደ ሰሙን ከምዝቕጽል ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓቢሩ ።

**ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**15 ሕዳር 2018**